# የድሕነና ዘብልዩ እዋን ዘለቕመለቕ
# ስረኡ ዝፈትሕ በዚሑ ካብ ዝዓጥቕ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ
28/07/2010  Norway

ኮዋኽብቲ ሰማይ ትምስክራዶለኽን
ኣዕዋፍ ሰማይከ ታይትብላ ብግደኽን
ንገራ ንዓለም ዝረአኽንኦ ብዓይንኽን
ንተንኮል ህግደፍ ኣቃላዓ ሓደራኽን
ደቅና ነፊጾም ንፋስ ናብ ዝመርሖም
ኣፍልጦ ዘየለ እንታይ ከምዝጸንሖም
መጻወቲ ኣራዊት ምድረበዳን ኮይኖም
ብሰሪ ጨኳን ስርዓት ዓሳ ተበሊዕዎም
ዓበይቲ ዓርገን ብዓል ኣደይ ርብቃ
ደቀን እናተሓርዱ ዝኮሓላ ዝውርቓ
ኣብ እርጋነን ክብሪ ሕለናአን ዘውደቓ
ንኡኩያት ቶኲበን መሲልወን ዝጸድቃ
ጣኦት ኣሚነን ካብ ኣምላኽ ዝረሓቓ
እናፈለጣ ናብ ገሃነብ እሳት ዝጠለቓ
ንእሰያስ ተጸረፍካ ተሃንዲደን ዝቋየቛ
ማዕዶ ሰብ ዝመስላ ሓንጎለን ዝዓረቓ
ኣብ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዘለዉ ወኻሩ
ብህዝቢ ዘይግደሱ ተረፍ ደርጊ ዝነበሩ
ንኸጋጭዉ ተመልሚሎም ዝተማህሩ
ከም መራሒኦም ኣሉ ሓሶት ዝድረሩ
ንዝተቋወሞም ስሙ ከጸልሙ ከነውሩ
ዝሓጊ መሲልዎም እናላሓሱ ክነብሩ
ህዝቦም ኣሕሊፎም ዝህቡ ዘቃባጥሩ
ክማሓዉሎዎም ጨሪሶም ንሓዋሩ
ሕማም ከይገደፉ ካብ ሕጂ ምቁጽጻሩ
መናሎ? ከም ህዝብና ሕሰም ዝጸገሞ
ከፊኡኒ ተሸጊረ ከይብል ኣፉ ለጕሞሞ
ከይሰርሕ ህግደፍ ኣብራኹ ሓምሺሾሞ
ከይነግድ ልቾንሳኡ ባዕሎም ወሪሶሞ
ከይሓርስ ጥሪቱ ብሓይሊ መንዚዖሞ
ኣየሕፍረናንዶ ነዚ ህዝብዚ ክንጠልሞ
ብማዕዶ ኣጆኹም ምባል ታይክዓብስ
ዕጠቕ ከም ህዝብኻ ስረ ውደ ተበገስ
ኣብ ሓዲኡ ርገጽ ሕሰብ ኣይትሓልክስ
ሃገርና ጸኒታያ ስኣን ሓቢርካ ምቅላስ
ኣነጽሮ መርገጽካ ቀሲንካ ክትድቅስ

ኣርክብ ዝተረፍካ ስዓብ ድሃይ ሃባ
ክፉትዩ ማዕጾ ድሓን ምጻእ መርሓባ
ተንስእ ተበራበር ኣድሕኖ ካብ ጸበባ
ሃገርና ካባና ሓሊፉስ መናሎ ዝቐርባ?

ንዓናያ ትጽበይ ዘላ ኣፋ ሃህ ኣቢላ
ይኣክል ጭከና ሎምስ ቁሊሕ ንበላ
ሰሚርና ንሳዓዝ ድሕር ምሕር ዘይብላ
ጸላኢ ኣባሪርና ክንድብሳ ክንኮሓሕላ

| ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ |
| --- |